# ጥምቀት፡ ይድሕነኩም፡

# እዩ!

---

## “Baptism Saves!”

---

A complete Bible Study
on the New Birth
in the Tigringa language
of Eritrea and
Northern Ethiopia

# ጥምቀት፡ የድሕነኩም፡ ኢሉ!

ወንጌል ዮሃንስ ፫ ፣

፬ - ኒቆዲሞስ ከኣ፣ ንሰብከ ምስ
ኣረገ፣ ኪውለድ ከመይ ኢሉ ይከኣሎ፣ መሊሱ
ናብ ከርሲ ኣዲኡ ኣትዩስ ኪውለድዶ ይከኣሎ
እዩ፣ በሎ። ፭ - የሱስ መለሰ፣ ብሓቂ፣ ብሓቂ እብለካ
አሎኹ፣ ካብ ማይን መንፈስን እንተ ዘይተ
ወልደ፣ ኣብ መንግስቲ ኣምላኽ ኪኣቱ ዚኽእል
የልቦን።

ቀዳመይቲ መልእኽቲ ጴጥሮስ ፫ ፣

፣ ፳ - ትዕግስቲ ኣምላኽ ብመዓልት
ታት ኖህ ምስ ተጸበየት፣ እታ መርከብ ክትስራሕ
ከላ፣ ብእኡ ሒደት፣ ማለት ሾሞንተ ነፍሲ፣ ብማይ
ዝደሓኑላ ነቶም ቀደም ዘይእመኑ ሰበኹሎም።
፳፩ - እቲ ማይ ድማ ሕጂ ብተምሳሉ፣ ማለት
ጥምቀት፣ የድሕነኩም አሎ፣ እዚ ኸኣ ብትንሳኤ
የሱስ ክርስቶስ ልማኖ ሰናይ ሕሊና ናብ ኣምላኽ
እዩ እምበር፣ ምሕጻብ ርስሓት ስጋ ኣይኮነን።

1ይ መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ሰብ ቈረንቶስ 15 ።

1 ፡ 2 - ኣሕዋተየ ፡ ንኸንቱ ኣሚንኩም እንተ
ዘይኰንኩም ፡ ከምቲ ኣነ ዝሰበኽክዎ ገርኩም
ሒዝኩምዎ እንተ ኣሎኹምሲ ፡ እቲ ዝሰበኽኩል
ኩምን እተቐበልኩምዎን ኣብኡ ጸኒዕኩም ዘሎ
ኹምን ብእኡውን እትድሕኑሉን ወንጌል ኤፍል
ጠኩም ኣሎኹ ። 3 - እቲ ኣነ እተቐበልክዎ ቀድ
ሚ ኹሉ ነጊረኩም እየ ፡ ከምቲ እቶም ጽሑ
ፋት ዚብልዎ ፡ ክርስቶስ ምእንቲ ሓጢኣትና
ሞተ ፡ 4 - ተቐብረ ኸኣ ፡ ከምቲ እቶም ጽሑፋት
ዚብልዎ ፡ ብሳልሰይቲ መዓልቲውን ተንስኤ ፡

ምሟት | ምቕባር፡ | ምትንሳኣ



1

ንስሃ



2

ጥምቀት



3

መንፈስ፡ ቅዱስ



ብንስሃ፡ ንዓለም፡ ሓጢኣት
ምሟት፡ ይግባኣና፡
ሮሜ፡ 6÷2



ናብ፡ ሞት፡ ብጥምቀት
ምስኡ፡ ተቐቢርና
ሮሜ፡ 6÷4-5



ብትንሳኤኡ፡ ክንሓብር፡ ኢና
ሮሜ፡ 6÷5

2

ናይ፡ ሓዱሽ፡ ልደት፡ ናይምድሓን፡ መገዲ።

### ኦሪት ዘፍጥረት ፲፯፥

፱ - አምላኽ ድማ ንኣብርሃም በሎ፥ ንስኻ ኸኣ ኪዳነይ ክትሕሉ ኢኻ፡ ንስኻን ብድሕሬኻውን ዘርእኻ ኣብ ወለዶኦም ትሕልዉ። ፲ - እቲ ኣብ መንጎይን ኣብ መንጎኻን ፥ ብድሕሬኻ ድማ ኣብ ዘርእኻ ዘሎ እሞ ንስኻትኩም እትሕልውዎ ኺዳን እዚ እዩ፥ ኣባኻትኩም ተባዕታይ ዘበለ ኹሉ ይገዘር። ፲፩ - ስጋ ዕልቦኹም ግዘሩ፡ እዚ ድማ ነቲ ኣብ መንጎይን መንጎኹምን ዘሎ ኺዳን ምልክት ኪኸውን እዩ። ፲፪ - ኣባኻትኩም ወዲ ሸሞንተ መዓልቲ ተባዕታይ ዘበለ ኹሉ ፥ ኣብ ወለዶኹም ፥ ኣብ ቤት እተወልደን ካብ ማንም፥ካብ ዘርእኻ ዘይኰነ ወዲ ጓና ብገንዘብ እተዐደገን፥ ይገዘር። ፲፫ - ኣብ ቤትካ እተወልደን ብገንዘብካ እተሀደገን ብግዲ ይገዘር ። ኪዳነይ ኣብ ስጋኹም ኪዳን ዘለኣለም ኪኸውን እዩ። ፲፬ - ዘይተገዝረ ተባዕታይ፥ ስጋ ዕልቦኡ ዘይተገዝረ፥ እታ ነፍሲ እቲኣ ኺዳነይ ኣፍሪሳ እያ እሞ፥ካብ ህዝባ ኽትምንቈስ እያ።

### ኦሪት ዘጸኣት ፫ ፥ ፬ ።

፳፬ - ኰነ ድማ፥ ሙሴ ኣብ መገዲ ኣብ ሓደ መሕደሪ ኸሎ፥ እግዚኣብሄር ተራኸቦ፥ ኪቕትሎውን ደለየ። ፳፭ - ሽዑ ጺጶራ ጽልጽለ ወሲዳ፥ ዕልበ ወዳ ገዘረት፥ ናብ ኣእጋሩ ደርብያቶ ኸኣ፥ ንስኻ ንኣይ ናይ ደም መርዓዊ ኢኻ፥ በለት ። ፳፮ - ካብኡ ኸኣ ኣልገሰ።

### መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ሰብ ቈሎሴ ፥ ፪ ።

፲፩ - ንስኻትኩም ድማ ብግዝረት ክርስቶስ ነቲ ናይ ስጋ ሰብነት ቀንጢጥኩም ብኢድ ብዘይኰነት ግዝረት ብእኡ ተገዘርኩም። ፲፪ - ብጥምቀትውን ምስኡ ተቐበርኩም፥ ብግብሪ እቲ ኻብ ምዉታት ዘተንስኦ ኣምላኽ ድማ ምስኡ ተንሳእኩም። ፲፫ - ንብዘሎ ኣበሳና ይቕረ ኢሉ፥ ብኣበሳኹምን ብዘይ ግዝረት ስጋኹምን መዊትኩም ንዝነበርኩም፥ ንኣኻትኩምውን ምስኡ ህያዋን ገበረኩም። ፲፬ - ነቲ ብሕጋጋት ዚቓወመናን ዚበኣሰናን ዝነበረ ብኢድ እተጻሕፈ ጽሕፈት ዕዳ ደምሲሱ ኸኣ፥ ንእኡ ኣብ መስቀል ሸንኪሩ ኻብ ማእከል ኣርሓቖ። ፲፭ - ነቶም ሕልቅነታትን ስልጣናትን ኣጽዊሮም ገፊፉ፥ ብእኡ እናፈንጸረሎም ከኣ፡ ብግልጺ ኣስተሓፈሮም ።

፲፮ - ደጊም ብብልዕን መስተን፥ ወይ ብምብዓል በዓላት፥ ወይ ብሰርቂ ወርሒ፥ ወይ ብሰናብቲ ዝመጸ፥ ሓደ እኳ ኣይፍረደልኩም። ፲፯ - እዚ ነቲ ዚመጽእ ጽላሎቱ እዩ፥ እቲ ስጋ ግና ክርስቶስ እዩ። ፲፰ - ሓደ እኳ፥ ትሕትና ብዚመስልን ብስግደት ንመላእኽትን ገይሩ፡ ንሱ ኣብ ዘይረኣዮ ነገር እናተሐወሰ በእምሮ ስጋኡ ብኸምኡ ዚንፋሕ፥ ነቲ ዓስቢ ዓወት ኣይዘርፍኩም ። ፲፱ -

### ወንጌል ማርቆስ ፲፮ ።

፲፬ - ድሕሪኡ ነቶም ዓሰርተው ሓደ፥ ኣብ መኣዲ ተቐሚጦም ከለዉ፥ ተጋህደ፥ ነቶም ተንሲኡ ዝረኣይዎ ኣይኣመንዎምን እዮም እሞ፥ ስለቲ ዘይምእማኖምን ትሪ ልቦምን ከኣ ዘለርም። ፲፭ - በሎም ድማ፥ ናብ ኵላ ዓለም ኪዱ፥ ንብዘሎ ፍጥረት ከኣ ወንጌል ስበኹሉ። ፲፮ - ዝኣመነን እተጠምቀን ኪድሕን፥ እቲ ዘይኣመነ ግና ኪኹነን እዩ። ፲፯ - ነቶም ዚኣምኑውን እዚ ተኣምራት እዚ ኺሰዕቦም እዩ፥ ብስመይ ኣጋንንቲ ኺውጽኡ፥ ብሓድሽ ልሳን ከኣ ኪዛረቡ፥ ፲፰ - ኣትማን ኪሕዙ እዮም፥ ዚቐትል እንተ ሰተዩ ኸኣ፥ ከቶ ኣይኪጐድኦምን እዩ፥ ኣእዳዎም ኣብ ሕሙማት ኪንብሩ ንሳቶምውን ኪሐውዩ እዮም ።

ወንጌል ማቴዎስ ፳፰ ።

፲፮ - እቶም ዓሰርተው ሓደ ደቀ መዛሙርቲ
ኸኣ ፡ ናብቲ የሱስ ዝኣዘዞም ከረን ገሊላ ኸዱ ።
፲፯ - ምስ ረኣይዎ ፡ ሰገዱሉ ። ገሊኦም ግና ተወላ
ወሉ ። ፲፰ - የሱስ ቀሪቡ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦም ፡
ኣብ ሰማይን ኣብ ምድርን ዅሉ ስልጣን ተዋሂ
ቡኒ ኣሎ ። ፲፱ ፡ ፳ - ስለዚ ኺዱ ንዅሎም ኣህ
ዛብ ብስም ኣቦን ወድን መንፈስ ቅዱስን እናኣጥ
መቅኩም ፡ ዝኣዘዝኩኹም ዅሉ ኺሕልዉ ኸኣ
እናመሃርኩም ፡ ደቀ መዛሙርቲ ግበርዎም ። እንሆ
ድማ ፡ ኣነ ኽሳዕ መወዳእታ ዓለም ዅሉ መዓልቲ
ምሳኻትኩም እየ ።

ወንጌል ሉቃስ ፳፬ ።

፵፬ - ንሱ ድማ ፡ እዚ እቲ ምሳኻትኩም ከሎ
ኹ ፡ ኣብ ሕጊ ሙሴን ነብያትን መዝሙራትን
ብዛዕባይ እተጻሕፈ ዅሉ ኺፍጸም ይግብኦ እዩ ፡
ኢለ ዝነገርኩኹም ቃለይ እዩ ፡ በሎም ። ፵፭ - ሽዑ
ነተን ጽሑፋት ኪስተውዕልወን ፡ ኣእምሮኦም ከ
ፈተሎም እሞ ፡ ፵፮ - ክርስቶስ ሓሳረ መከራ ኺጸ
ግብ ፡ ብሳልሰይቲ መዓልቲውን ካብ ምዉታት
ኪትንስእ ፡ ፵፯ - ብስሙ ኸኣ ንሰሓን ሕድገት ሓጢ
ኣትን ካብ የሩሳሌም ጀሚሩ ኣብ ዅሎም ኣህዛብ
ኪስበኽ ፡ ጽሑፍ እዩ ። ፵፰ - በዚ ንስኻትኩም
ምስክር ኢኹም ። ፵፱ - እንሆ ፡ ኣነ ተስፋ ኣቦይ
ክሰዶልኩም እየ ። ንስኻትኩም ግና ካብ ላዕሊ
ሓይሊ ኽሳዕ እትለብሱ ፡ ኣብ ከተማ የሩሳሌም
ጽንሑ ፡ በሎም ።

ግብረ ሃዋርያት ፪ ።

፴፮ - እምብኣርሲ ኣምላኽ ነዚ ንስኻትኩም ዝሰ
ቐልኩምዎ የሱስ ፡ ንእኡ ጐይታን ክርስቶስን ክም
ዝገበሮ ፡ ብዘላ ቤት እስራኤል ብርግጽ ትፍለጥ ።
፴፯ - ሽዑ ፡ እዚ ምስ ሰምዑ ፡ ልቦም ተወግኤ
እሞ ፡ ንጴጥሮስን ነቶም ካልኦት ሃዋርያትን ፡ ኣቱም
ኣሕዋትና ፡ እንታይ ንግበር ፡ በልዎም ። ፴፰ ፡ ፴፱ -
ጴጥሮስ ከኣ ፡ እቲ ተስፋ ንኣኻትኩምን ንደቅ
ኹምን ነቶም ኣብ ርሑቕ ዘለዉ ዅሎምን ፡ እግዚ
ኣብሄር ኣምላኽና ዚጽውዖም ዘበሉን እዩ እተ
ዋህበ እሞ ፡ ተነስሑ ነፍሲ ወከፍኩም ከኣ ብስም
የሱስ ክርስቶስ ንሕድገት ሓጢኣት ይጠመቕ ፡
ህያብ መንፈስ ቅዱስውን ክትቅበሉ ኢኹም ፡ በ
ሎም ። ፵ - ካብዚ ቖናን ወለዶ ዚ ድሓኑ ፡ እናበለ
ኸኣ ብዙሕ ካልእ ቃል መሰከረሎምን መዐዶምን ።

፵፭ -
ከምኡ ድማ፡ እቲ ቀዳማይ ሰብ፡ ኣዳም፡ ህያው
ነፍሲ ኮነ፡ ዚብል ጽሑፍ እዩ፡ እቲ ዳሕራይ
ኣዳም ህያው ዚገብር መንፈስ ኰነ። ፵፮ - ግ
ናኸ ቅድም እቲ ነፍሳዊ እዩ እምበር፡ እቲ መን
ፈሳዊ ኣይኰነን፡ ደሓር እቲ መንፈሳዊ እዩ።
፵፯ - እቲ ቀዳማይ ሰብ ካብ ምድሪ ኰይኑ መ
ሬታዊ እዩ፡ እቲ ካልኣይ ሰብ ግና ካብ ሰማይ
እዩ። ፵፰ - ከምቲ መሬታዊ ኸምኡ ኸኣ እቶም
መሬታውያን እዮም፡ ከምቲ ሰማያዊ ድማ ከም
ኡውን እቶም ሰማያውያን እዮም። ፵፱ - ከም
ቲ ምስሊ እቲ መሬታዊ ዝለበስና፡ ምስሊ እቲ
ሰማያዊ ድማ ክንለብስ ኢና።
፶ - ግናኸ፡ ኣሕዋተየ፡ ስጋን ደምን መንግስቲ
ኣምላኽ ኪወርስ ከም ዘይከኣሉ፡ እቲ ሓላፊ ድ
ማ ነቲ ዘይሓልፍ ከም ዘይወርስ፡ እብለኩም ኣ
ሎኹ። ፶፩ - እንሆ፡ ምስጢር እነግረኩም ኣሎኹ፡
ኩላትና ኽንልወጥ እምበር፡ ኩላትና ኣይክንድቅ
ስን ኢና፡ ፶፪ - ብሓንሳእ፡ ብቕጽበት ዓይኒ፡ በቲ
ናይ ድሕሪ ኹሉ መለኸት፡ እቲ መለኸት ኪነፍሕ
እዩ እሞ፡ እቶም ምዉታት ድማ ብዘይሓልፍ ኪ
ትንስኡ እዮም፡ ንሕናውን ክንልወጥ ኢና።



፳፫ - እምነት ከይመጸት፡ ንሕና ነታ ኽትገሃድ ዘ
ለዋ እምነት እናተጸበና፡ ተዓጺና ኣብ ትሕቲ ሕ
ጊ ተሓሊውና ነበርና። ፳፬ - ስለዚ ኸኣ ብእምነት
ምእንቲ ኽንጸድቕሲ፡ ናብ ክርስቶስ ኪብጽሓና እ
ቲ ሕጊ ቆጻዪና ኰነ። ፳፭ - እምነት ምስ መጸት
ግና፡ ደጊም ትሕቲ ቆጻዪ ኣይኰንናን። ፳፮፡
፳፯ - ብክርስቶስ እተጠመቕኩም ዘበልኩም ን
ክርስቶስ ለቢስኩምዎ እሞ፡ ብእምነት ብየሱስ
ክርስቶስ ኵላትኩም ውሉድ ኣምላኽ ኢኹም።
፳፰ - ኵላትኩም ብክርስቶስ የሱስ ሓደ ኢኹም
እሞ፡ በዚ ኣይሁዳዊ ወይስ ጽርኣዊ የልቦን፡ በዚ
ባርያ ወይስ ጨዋ የልቦን፡ በዚ ተባዕታይ ወይስ
ኣንስተይቲ የልቦን።

፲፫ ፡ ፲፬ ・ እታ ናብ ጥፍኣት እትወስድ ደገ
ርሕብቲ፡ መገዳውን ገፊሕ እያ፡ እቶም ብእኣ ዚ
ኣትዉ ድማ ብዙሓት እዮም። እታ ናብ ህይ
ወት እትወስድ ደገ ግና ጸባብ፡ መገዳውን ቀጣን
እያ፡ እቶም ዚረኽብዋ ኸኣ ሒደት እዮም እሞ፡
በታ ጸባብ ደገ እተዉ።
፲፭ - ካብ ነብያት ሓሶት ተጠንቀቑ፡ ብውሽ
ጠም ዚምንጥሉ ተኹሉ ኽነሶም፡ ክዳን ኣባጊዕ
ተኸዲኖም እዮም ዚመጹኹም። ፲፮ - ብፍሪኦም
ክትፈልጥዎም ኢኹም። ካብ እሾኽ ወይኒ ይ
ቐንጠብ፡ ካብ ተኾርበስ በለስ፡ ፲፯ - ከምኡ ኸስ
እቲ ጽቡቕ ኦም ጽቡቕ ፍረ ይፈሪ፡ እቲ ኽፉእ
ኦም ከኣ ክፉእ ፍረ ይፈሪ። ፲፰ - ጽቡቕ ኦም
ክፉእ ፍረ ኺፈሪ፡ ወይስ ክፉእ ኦም ጽቡቕ ፍረ
ኺፈሪ ኣይኽእልን እዩ። ፲፱ ጽቡቕ ፍረ ዘይ
ፈሪ ዘበለ ኹሉ ኦም ይቝረጽ፡ ናብ ሓዊ ድማ
ይድርበ። ፳ - እምብኣርከ ብፍሪኦም ክትፈልጥ
ዎም ኢኹም። ፳፩ - ፍቓድ እቲ ኣብ ሰማያት
ዘሎ ኣቦይ ዚገብር ደኣ እምበር፡ ጐይታይ፡ ጐይ
ታይ፡ ዚብለኒ ኹሉ፡ መንግስተ ሰማያት ዚኣቱ
ኣይኰነን። ፳፪ - በታ መዓልቲ እቲኣ ብዙሓት፡
ጐይታይ፡ ጐይታይ፡ ብስምካ እተነበናዮ ኣይኰን
ናን፡ ኣጋንንቲ ብስምካዶ ኣየውጻእናን፡ ብስም
ካስ ብዙሕ ሓይሊዶ ኣይገበርናን፡ ኪብሉኒ እ
ዮም። ፳፫ - ሽዑ ኣነ፡ እቱም ገበርቲ ዓመጻ፡
ከቶ ኣይፈለጥኩኹምን፡ ካባይ ርሓቑ፡ ክብሎም
[illegible]

## ኦሪት ዘፍጥረት። ፩ይ ምዕራፍ።

ቍ፳፮ - አምላኽ ከኣ፣ ብመልክዕና ኸም ምስልና ሰብ ንግበር፣ ንዓሳ ባሕርን ነዕዋፍ ሰማይን ንእንስሳን ንብዘላ ምድርን ኣብ ምድሪ ለመም ንዚብል ዅሉ ለመምታን ይግዝእ፣ በለ። ቍ፳፯ - አምላኽ ድማ ብመልክዑ ሰብ ፈጠረ። ብመልክዕ አምላኽ ፈጠሮ። ተባዕታይን አንስተይትን ገይሩ ፈጠሮም። ቍ፳፰ - አምላኽ ከኣ ባረኾም። አምላኽ ድማ፣ ፍረዩን ተባዝሑን ንምድሪ ኸኣ ምልእዋን ምለኽዋን፣ ንዓሳ ባሕርን ነዕዋፍ ሰማይን ኣብ ምድሪ ለመም ንዚብል ዅሉ እንስሳን ከኣ ግዝኡ በሎም። ቍ፳፱ -

ብመልክዐ፡ አምላክ፡ ወይ፡ ኩሉ፡ ብምስሉ፡
አምላክ፡ ምፍጣር፡ ማለት፡ እንታይ፡ ማለት፡ እዩ?
አምላክ፡ ብመልክዑ፡ ሰብ፡ ፈጠረ፡ ማለት፡
አምላክ፡ ከም፡ አዳም፡ ኣካል፡ ዘለዎ፡ ዝረአ፡ ዝምስል፡
እዩ፡ ማለት፡ ድዩ?
መልስና፡ እወ፡ እንድሕር፡ ኮይኑ፡
ነዚ ዝቕጽል፡ ቃል፡ አምላክ፡ እንታይ፡ መልሲ፡ ንህብ?

### ወንጌል ዮሃንስ ፬።

ቍ፳፬ አምላኽ መንፈስ እዩ፣ እቶም ዚሰግዱሉ ድማ ብመንፈስን ብሓቅን ኪሰግዱሉ ይግብኦም። ኣቦ ኸምዚ ዝበሉ ሰገድቲ እዩ ዚደሊ እሞ፣ እቶም ናይ ሓቂ ሰገድቲ ነቦ ብመንፈስን ብሓቅን ዚሰግዱሉ ሰዓት ክትመጽእ እያ፣ ንሳ ኸኣ ሕጂ እያ። ቍ፳፭ - እታ ሰበይቲ ድማ፣ ክርስቶስ ዚብልዎ መሲህ ከም ዚመጽእ፣ እፈልጥ እሎኹ። ንሱ ምስ መጸ ኸኣ፣ ዅሉ ኺነግረና እዩ፣ በለቶ። ቍ፳፮ - የሱስ ከኣ! እነ ዝዛረበኪ ዘሎኹ ንሱ እየ፣ በላ።

እምበኣርከስ፡ አምላክ፡ መንፈስ፡ ካብኮነ፡ መንፈስ፡
ክብ፡ ዘይረአን፡ ዘይምስንን፡ መለኮት፡ ካብ፡ ኮነ፡
ብመልክዑ፡ አምላክ፡ ምፍጣር፡ ደኣ፡ እንታይ፡
እዩ፡ ምስጢሩ?

# ቅዱስ ዮሃንስ ዝጸሐፎ ወንጌል ።

፩ይ ምዕራፍ ።

፩ - ቃል ብመጀመርታ ነበረ፣ እቲ ቃል ድማ
ኣብ ኣምላኽ ነበረ፣ እቲ ቃልውን ኣምላኽ ነበ
ረ። ፪ - እዚ ብመጀመርታ ኣብ ኣምላኽ ነበረ።
፫ - ብእኡ ኵሉ ኰነ፣ ካብቲ ዝኾነ ዘበለ ድማ
ብዘይ ብእኡ ዝኾነ የልቦን። ፬ - ህይወት ኣብ
ኡ ነበረት፣ እታ ህይወት ከኣ ብርሃን ሰብ ነበ
ረት። ፭ - ብርሃንውን ኣብ ጸልማት የብርህ፣ ጸል
ማት ግና ኣይሐዘን።

፮ - ዮሃንስ ዝስሙ ሰብኣይ ካብ ኣምላኽ ተ
ልኢኹ ተንስኤ። ፯ - ኵሎም ብእኡ ናብ እም
ነት ምእንቲ ኺበጽሑ፣ ብዛዕባ ብርሃን ኪምስ
ክር ንሱ ንምስክር መጸ። ፰ - ብዛዕባ ብርሃን
ደኣ ኺምስክር መጸ እምበር፣ ንሱስ ብርሃን ኣይ
ነበረን። ፱ - እቲ ንነፍሲ ወከፍ ሰብ ዚብርህ ብር
ሃን ሓቂ ናብ ዓለም ይመጽእ ነበረ። ፲ - ኣብ ዓ
ለም ነበረ፣ ዓለምውን ብእኡ ኾነት፣ ዓለም ግና
ኣይፈለጠቶን። ፲፩ - ናብቶም ናቱ መጸ፣ እቶም
ናቱ ኸኣ ኣይተቐበልዎን። ፲፪ - ነቶም እተቐበ
ልዎ ዘበሉ ኵሎም ብስሙ ንዘእምኑ ግና ው
ሉድ ኣምላኽ ኪኾኑ መሰል ሀቦም። ፲፫ - ንሳ
ቶም ከኣ ካብ ኣምላኽ እምበር፣ ካብ ደም፣ ወይ
ካብ ፍቓድ ስጋ፣ ወይ ካብ ፍቓድ ሰብኣይ ዘይ
ተወልዱ እዮም። ፲፬ - እቲ ቃል ስጋ ኾነ፣
ጸጋን ሓቅን መሊእዎ ኸኣ ኣባና ሐደረ። ክብ
ረቱ ድማ ከም ክብሪ ናይቲ ሓደ ወዲ ነበኣ
ርኤና። ፲፭ - ዮሃንስ ብዛዕባኡ መስከረ፣ እቲ ድሕ
ረይ ዚመጽእ፣ ንሱ ቕድመይ ዝነበረ እዩ እሞ፣
ንሱ ቕድመይ ነበረ፣ እቲ ብዛዕባኡ ዝበልኩ ንሱ
እዩ፣ ኢሉ ጨደረ። ፲፮፣ ፲፯ - ሕጊ ብሙሴ ተ
ውሂቡ እዩ እሞ፣ ጸጋን ሓቅን ግና ብየሱስ ክርስ
ቶስ መጸ። እምብኣርከ ንሕና ኵላትና ኻብ ምል
ኣቱ ጸጋ ኣብ ልዕሊ ጸጋ ተቐበልና። ፲፰ - ሓደ
እኳ ንኣምላኽ ዝረኣዮ የልቦን፣ እቲ ኣብ ሕቝፊ
ኣቦኡ ዘሎ ሓደ ወዲ፣ ንሱ ኣግሀዮ።

ኦሪት ዘዳግም ፬ ።

፲፪ - እግዚኣብሄር ከኣ ካብ ውሽጢ እቲ ሓዊ ተዛረበ
ኩም፣ ድምጺ ዘረባኡ ሰማዕኩም፣ ድምጺ ጥራይ
እምበር፣ (መልክዕሲ ከቶ ኣይርኤኹምን። ፲፫ -
እቲ ኽትገብርዎ ዝኣዘዘኩም ኪዳኑ፣ ዓሰርተ ቓ
ላት ድማ ገለጸልኩም። ኣብ ክልተ ጽላት እምኒ
ኸኣ ጸሐፎ። ፲፬ - እግዚኣብሄር በታ ግዜ እቲኣ
ድማ ንኣይ ኣብታ ኽትወርስዋ እትሐልፍዋ ምድ
ሪ ኽትገብርዎ ሕጋጋትን ፍርድታትን ክምህረኩም
ኣዘዘኒ። ፲፭ - በታ እግዚኣብሄር ኣብ ሆሬብ ካብ
ማእከል ሓዊ ኺዛረበኩም መዓልቲ ገለ መልክዕ
እኳ ኣይርኤኹምን እሞ፣ ተጠንቀቑኩም ነፍሳት
ኩም ሐልዉ። ፲፮ - ብዝኾነ ምስሊ፣ ብመልክዕ
ሰብኣይ ወይ ናይ ሰበይቲ እተመቕረ ምስሊ ብምግ
ባርኩም ከይትበላሸዉ፣

8

እምበኣርከስ፡ እምነኽ፡ ዘይረኽን፡ ዘይምበኛን፡
መንፈስ፡ እዩ፡ ካብ፡ በሰና፡ ኣዳም፡ ንእምነኽ፡
ዝመስለሉ፡ ኣሎታት፡ ንመርምር፡፡

እምነትና፡ ሕያው፡ ቅዱሳን፡ ፍፀም፡
ፍልጠት፡ ዘለዎ፡ ሰማይን፡ ምድርን፡ ዝገዝእ፡ እዩ፡፡
ኣዳምስ፡ ቅድሚ፡ እቲ፡ ሓጢኣት፡ ምውዳቑ፡
ብፍልጠቱን፡ ብቅዱሳንኡን፡ ብናይ፡ ምግዛእ፡
ስልጣኑን፡ ንእምነኽ፡ ዝመስለሉ፡ ኣሎታትዶ፡ ይህሉ?
ኣዳም፡ ቅድሚ፡ ሓጢኣት፡ ምስርሑ፡ ዘይመውት፡
ሰብ፡ ምዃኑውን፡ ንረዳእ፡፡

**ኦሪት ዘፍጥረት ። ፪ይ ምዕራፍ ።**

፯ - እግዚ.ኣብሄር ኣምላኽ ከኣ ንሰብ ካብ ሓመድ ምድሪ ገበሮ፣ ኣብ ኣፍንጫኡ ድማ ትንፋስ ህይወት ኡፍ በለሉ እሞ እቲ ሰብ ህያው ነፍሲ ኾነ ።

፰ - እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከኣ ኣብ ኤድን ብሸነኽ ምብራቕ ገነት ተኸለ ። ነቲ ዝገበሮ ሰብ ድማ ኣብኣ ኣንበሮ ። ፱ - እግዚ.ኣብሄር ኣምላኽ ከኣ ምር ኣዩ ዜብህግ፣ ምብላዑ ዝጥዑም ኵሉ ኦም ኣብ ምድሪ ኣብቈለ፣ ኣብ ማእከል ገነት ከኣ ኦም ህይወት፣ እታ ጽቡቕን ክፉእን እተፍልጥ ኦም ድማ ።

፲፭ - እግዚ.ኣብሄር ኣምላኽ ከኣ ንሰብ ወሲ.ዱ፣ ኪዐይያን ኪሕልዋን ኣብ ገነት ኤድን ኣቐመጦ ። ፲፮ - እግዚ.ኣብሄር ኣምላኽ ድማ ንሰብ፣ ካብ ኵሉ ኦም ገነት ከም ዝደሌኻ ብላዕ፣ ፲፯ - ካብታ ጽቡቕን ክፉእን እተፍልጥ ኦም ግና፣ ካብኣ ምስ እትበልዕ መዓልትስ ሞት ክትመውት ኢ.ኻ እሞ፣ ካብኣ ኣይትብላዕ፣ ኢ.ሉ ኣዘዘ ።

እቲ፡ ብመልክዑ፡ እምነኽ፡ ዝተፈጠረ፡ ዘይፈርሕ፡
ሰብኣ፡ ዘተፈልጠ፡ ቅዱሳን፡ ዘይመውት፡ ኣዳም፡
ካብ፡ ናይ፡ መንፈሳዊ፡ ዩኹን፡ ኣካላዊ፡ ሞት፡ ዝድሕ 9
ነሉ፡ መንገዲ፡ እምነኽ ኣዘዘ፡፡

ምስ እትበልዑ መዓልቲ ኣዒንትኹም ክዑ ዚኸፈታ፡ ከም ኣምላኽውን ክም እትኾኑ፡ ጽቡቕን ክፉእን ክአ ክም እትፈልጡ፡ ስለ ዝፈለጠ እዩ እምበር፡ ክቶ ኣይትሞቱን ኢኹም፡ በላ ። ፮ - እታ ሰበይቲ ድማ፡ እታ ኦም ምብልዓ ጥዕምቲ፡ ነዒንቲ ኸአ ጽብቕቲ፡ ጥበብ ብምሃባውን እተብህግ ኦም ምዃና ርእያ፡ ካብ ፍረኣ ወሲዳ በልዔት፡ ምስኣ ኸአ ንሰብኣያ ሀበቶ፡ ንሱውን በልዔ ። ፯ - ክዑ ኣዒንቲ ክልቲኦም ተኸፍታ፡ ጥረዮም ምዃኖም ድማ ፈለጡ ። ቈጽሊ በለስ ኣላጊቦም ክአ ተዐጥቁ ። ፰ - ምድሪ ምስ ወልወለ ድማ፡ ድምጺ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ኣብ ገነት ኪማላለስ ሰምዑ ። ኣዳምን ሰበይቱን ከአ ካብ ገጽ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ኣብ ማእከል ኣእዋም ገነት ተሐብኡ ። ፱ - እግዚኣብሔር ኣምላኽ ድማ ንኣዳም ጸዊዑ፡ ኣበይ ኣሎኻ፡ በሎ ። ፲ - ንሱ ኸኣ፡ ድምጽኻ ኣብ ገነት ሰሚዔ ፈራህኩ፡ ጥረየይ ክአ እየ እሞ፡ ተሐባእኩ፡ በለ ። ፲፩ - ንሱ ድማ፡ ጥራይካ ምዃንካ ደኣ መን ነገረካ፡ ካብታ፡ ክትበልዓ ኣይትብላዕ፡ ኢለ ዝኣዘዝኩኻ ኦምዶ በሊዕካ ኢኻ፡ በሎ ። ፲፪ - ኣዳም ክአ፡ እዛ ምሳይ ክትክውን ዝሀብካኒ ሰበይቲ፡ ኻብታ ኦም ሀበትኒ እሞ በላዕኩ፡ በለ ። ፲፫ - እግዚኣብሔር ኣምላኽ ድማ ነታ ሰበይቲ፡ ስለምንታይ እዚ ገበርኪ፡ በላ ። እታ ሰበይቲ ኸኣ፡ ተመን ኣስሒቱኒ በላዕኩ፡ በለት ።

እንጌራ ብረሃጽ ገጽካ ኽትበልዕ ኢኻ። መሬት ኢኻ እሞ፡ ናብ መሬት ድማ ትምለስ፡ በሎ ። ፳ - እቲ ሰብኣይ ድማ ንሰበይቱ፡ ኣደ ዅሉ ህያው ኰይና እያ እሞ፡ ሄዋን ኢሉ ሰመያ ። ፳፩ - እግዚኣብሔር ኣምላኽ ድማ ንኣዳምን ንሰበይቱን ደበሎ ገይሩ ኸደኖም ።

፳፪ - እግዚኣብሔር ኣምላኽ ድማ፡ እንሆ፡ ኣዳም ከም ሓደ ኻባና፡ ጽቡቕን ክፉእን ዚፈልጥ ኰይኑ ኣሎ ። ሕጂ ኸኣ ኢዱ ኺይዝርግሕ፡ ካብ ኦም ህይወት ወሲዱ ድማ ኸይበልዕ፡ ንዘለኣለም ክአ ህያው ኰይኑ ኸይነብር፡ ኢሉ፡ ፳፫ - ስለዚ ነታ እተፈጥረላ ምድሪ ምእንቲ ኺዐይያ ድማ፡ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ካብ ገነት ኤድን ኣውጽኦ ። ፳፬ - ክምኡ ንኣዳም ኣውጽኦ፡ ንምሕላው መገዲ ኦም ህይወት ከአ ብሸነኽ ምብራቕ ገነት ኤድን ምስናይ እተምበልበል ሃልሃልታ ሴፍ፡ ኪሩቤል ኣቐመጠ ።

ፀሮቆን፡ ቆዳትን፡ ሰፋኹ፡ ዘአፈለግን፡
ዝነበረ፡ ሰጋ፡ ቃል፡ እግዚእ፡ ያስዝመጣት፡
እንበ፡ ጣዘኑት፡ ወደቁ፡፡ ፋርሾን፡ ሰፋኹን፡
ተምረኩ፡ ከሰጋኹውን፡ ዝወጡት፡ ነውጹ፡
በንግዚኩ፡ ያሰ፡ እግዚእ፡ የዝርበበ፡ እቁጡ፡
ካነ፡ ገነት፡ ኤደን፡ ወፀጹ፡፡
ከያሪ፡ ዋኙ፡ ሰተመጡት፡ ኳኹ፡ ዝተገሁኩ፡
ሸዑ፡ ንእዑ፡ እተዋለን፡ እንተሸነ፡ ወን፡ በመንፈለ፡
ያመጡት፡ ኳኽ፡፡ ሰጋ፡ እንገደለን፡ ወእነገን፡
ሰርነገ፡ ነከወ፡ ያመጡት፡ ደገሃለ፡፡

ንማስረዲ፡ ዝኸውን፡ ካብ፡ ቃል፡ እግዚኣብሄር፡
ንርአ።

# መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ሰብ ኤፌሶን ።

## ፪ይ ምዕራፍ ።

፩ ፣ ፪ - ንስኻትኩም ቀደም ከም ንብረት እዛ ዓለም እዚኣ ፣ ከምቲ መንፈሱ ሕጂ ኣብቶም ደቂ ዘይምእዛዝ ዚገብር ዘሎ ሓለቓ ስልጣን ኣየር እተመላለስኩም ፣ ብበደልኩምን ብኣበሳኹምን ምዉታት ዝነበርኩም ፣ ንኣኻትኩም ህያዋን ገበረኩም ። ፫ - ንሕና ኹላትና ኸኣ ነቲ ናይ ስጋን ናይ ሓሳባትን ድሌት እናገበርና ፣ ቀደም ብትምኒት ስጋና ምስኣቶም ንነብር ነበርና ፣

### ቀዳመይቲ መልእኽቲ ዮሃንስ ፫

፲፬ - ንሕና ፣ ነሕዋት ነፍቅሮም ስለ ዘሎና ፣ ካብ ሞትሲ ናብ ህይወት ከም እተሳገርና ንፈልጥ ኢና ። እቲ ዘየፍቅር ግና ኣብ ሞት ይነብር ። ፲፭ - ንሓዉ ዚጸልእ ዘበለ ኹሉ ቀታል ነፍሲ እዩ ። ቀታል ነፍሲ ዝኾነ ኹሉ ድማ ናይ ዘለኣለም ህይወት ኣብኡ ኸም ዘይትነብር ፣ ትፈልጡ ኢኹም ።

እምበኣርከስ፡ እግዚኣብሄር፡ ክሳብ፡ ሎሚ፡ ንኹሉ፡ ዘጾገሉ፡ ዘቐረጸን፡ ዘጸምበዖን፡ መንፈስ፡ እዩ፡ ካብ፡ ሰልና፡ ንእግዚኣብሄር፡ ዝወሰኹ፡ ቅዱሳ፡ ትእዛዛት፡ ምስራሕ፡ ዝኽእል፡ ፋልጠትን፡ ቅዱሳንን፡ ሰልጣንን፡ ዘጸመወትን፡ ምእንቲ፡ እዩ፡ ካብ፡ ሰልና፡ ንሕና፡ ናይ፡ ክዳም፡ ሓጢኣት፡ ሒዝና፡ ዝተወከልና፡ ካብቲ፡ ጎርና፡ ንእግዚኣብሄር፡ ንመስል?

፵፭ -
ከምኡ ድማ፡ እቲ ቀዳማይ ሰብ፡ ኣዳም፡ ህያው
ነፍሲ ኮነ፡ ዚብል ጽሑፍ እዩ፡ እቲ ዳሕራይ
ኣዳም ህያው ዚገብር መንፈስ ኰነ። ፵፮ - ግ
ናኸ ቅድም እቲ ነፍሳዊ እዩ እምበር፡ እቲ መን
ፈሳዊ ኣይኰነን፡ ደሓር እቲ መንፈሳዊ እዩ።
፵፯ - እቲ ቀዳማይ ሰብ ካብ ምድሪ ኾይኑ መ
ሬታዊ እዩ፡ እቲ ኻልኣይ ሰብ ግና ካብ ሰማይ
እዩ። ፵፰ - ከምቲ መሬታዊ ኸምኡ ኸኣ እቶም
መሬታውያን እዮም፡ ከምቲ ሰማያዊ ድማ ከም
ኡውን እቶም ሰማያውያን እዮም። ፵፱ - ከም
ቲ ምስሊ እቲ መሬታዊ ዝለበስና፡ ምስሊ እቲ
ሰማያዊ ድማ ክንለብስ ኢና።

፶ - ግናኸ፡ ኣሕዋተየ፡ ስጋን ደምን መንግስቲ
ኣምላኽ ኪወርስ ከም ዘይክእሉ፡ እቲ ሓላፊ ድ
ማ ነቲ ዘይሓልፍ ከም ዘይወርሶ፡ እብለኩም አ
ለኹ። ፶፩ - እንሆ፡ ምስጢር እነግረኩም አሎኹ፡
ኵላትና ኽንልወጥ እምበር፡ ኵላትና ኣይክንድቅ
ስን ኢና፡ ፶፪ - ብሓንሳእ፡ ብቕጽበት ዓይኒ፡ በቲ
ናይ ድሕሪ ኹሉ መለኸት፡ እቲ መለኸት ኪንፋሕ
እዩ እሞ፡ እቶም ምዉታት ድማ ብዘይሓልፍ ኪ
ትንስኡ እዮም፡ ንሕናውን ክንልወጥ ኢና። ፶፫ -
ማለት፡ እዚ ሓላፊ ዘይሓልፍ ኪለብስ ይግብእ እ
ዩ እሞ፡ እዚ መዋቲ ኸኣ ዘይመውት ኪለብስ እ
ዩ። ፶፬ - እዚ ሓላፊ ዘይሓልፍ ምስ ለበሰ፡ እዚ
መዋቲውን ዘይመውት ምስ ለበሰ፡ ሽዑ እቲ ጽ
ሑፍ፡ ሞት ብዓወት ተዋሕጠ፡ ዝበሎ ቓል ኪፍ
ጸም እዩ።

ከምቲ፡ ካብ ማህፀን፡ ኣደና፡ ክንወፅእ፡ ወላ፡
ካዕ፡ ክንመርጽ፡ ካለና፡ ናይ፡ ኣደና፡ ምርጫ፡
ሕዝና፡ ክንወፅእ፡ ኣለ፡ ቅዱስ፡ ዝኾነ፡
ናይ፡ ክርስቶስ፡ ምርጫኻ፡ ካብ መደ፡ ጊርና፡ ኢና፡
እንክቡሉ?

## መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ሰብ ኤፌሶን [redacted] ፡ ፬ ።

፲፯ - እምብኣርሲ ኸምቲ ኣህዛብ ብናይ ከንቱ
ሓሳቦም ዚመላለስዎ ኽይትመላለሱ ፡ እዚ እብል
ብጐይታውን እምስክር ኣሎኹ ። ፲፰ - ንሳቶም ፡
ብሰሪ ትሪ ልቦምን ብሰሪ እቲ ኣባታቶም ዘሎ
ድንቍርናን ኣእምሮኦም ጸልሚቱ ፡ ካብ ህይወት
ኣምላኽ ርሒቖም ፡ ፲፱ - ድንዙዛት ኰይኖምውን
ብስስዔ ርኽሰት ዘበለ ንምግባር ናብ ዕብዳን ተ
ለቑ ። ፳ - ንስኻትኩም ግና ንክርስቶስ ከምዚ
ጌርኩም ኣይተመሃርኩምዎን ። ፳፩ - እታ ሓቂ
ኣብ የሱስ ከም ዘላ ሰሚዕኩምዋን ኣብኡ ተም
ሂርኩምዋን እንተ ኾንኩምሲ ፡ ፳፪ - ነቲ ቐደም
እተመላለስኩምሉ ፡ ብትምኒት ስሕተት ዚጠፍእ
ኣረጊት ሰብ ቀንጢጥኩም ፡ ፳፫ - በቲ ናይ ኣእ
ምሮኹም መንፈስ ክትሕደሱ እሞ ፡ ፳፬ - እ
ቲ ብናይ ሓቂ ጽድቅን ቅድስናን ብመልክዕ
ኣምላኽ እተፈጥረ ሓድሽ ሰብ ልበሱ ።

ኣምበኣርካሉ፡ ናይ፡ ኣምላኽ፡ ቃል፡ እቲ፡
ኣዳም፡ ብጥፍኣቱ፡ ዘጥፍኦ፡ መሬ ኣዎ፡ ዝነበረ
ሓቂ፡ ፅድቅን፡ ቅድስናን፡ ንኽንረክብ፡ እቲ፡
ብመልክዕ፡ ኣምላኽ፡ እተፈጥረ (ክርስቶስ)
ሓድሽ፡ ሰብ፡ ልበሱ፡ ይብል፡ ኣሎ፡፡ እዚ፡
ክመይ፡ ገርና፡ ኢና፡ ንክርስቶስ፡ እንለብሶ?

## መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ሰብ ቈሎሴ ።

### ፩ይ ምዕራፍ ።

፲፫ - ንሱ ኻብ ስልጣን ጸልማት
ዘውጽኣና ፡ ናብታ መንግስቲ ፍቁር ወዱውን ኣእ
ተወና ። ፲፬ - ኣብኡ ምድሓንና ፡ ማለት ሕድገት
ሓጢኣት ፡ ዘሎና ፡ ፲፭ - ንሱ መልክዕ እቲ ዘይ
ርኤ ኣምላኽ ፡ በኹሪ ኹሉ ፍጥረትውን እዩ ።
፲፮ - ኣብ ሰማያትን ኣብ ምድርን ዘሎ ፡ ዚርኤን
ዘይርኤን ፡ ዝፋናት ኰኑ ወይስ ጐይትነት ፡ ሕልቅ
ነት ወይስ ስልጣናት ፡ ኵሉ ብእኡ ተፈጢሩ
ኣሎ እሞ ፡ ኵሉ ብእኡን ንእኡን እዩ እተፈጥረ ።
፲፯ - ንሱ ኻኣ ቅድሚ ኹሉ እዩ ፡ ኵሉውን
ብእኡ ቘይሙ ኣሎ ።

ክርስቶስ፡ ናይቲ፡
ዘይረኣ፡ ኣምላኽ፡
መልክዕ፡ እዩ፡፡

መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ሰብ ሮሜ ፭ ፡

፲፬ ፡ ሞት ግና ካብ ኣዳም ጀሚሩ ክሳዕ ሙሴ ኣብቶም ማዕረ እቲ ኣበሳ ኣዳም ሓጢኣት ዘይገበሩውን ሰልጠነ ፡ ኣዳም ከኣ ምስሊ እቲ ዚመጽእ እዩ ። ፲፭ ፡ ግናኸ እቲ ውህበት ጸጋ ኸንድቲ ኣበሳ ኣይኰነን ። ብኣበሳ ሓደ ሰብኣይ ብዙሓት ሞይቶም እዮም እሞ ፡ እቲ ጸጋ ኣምላኽን ውህበቱን ብጸጋ እቲ ሓደ ሰብኣይ ፡ ማለት የሱስ ክርስቶስ ፡ ናብቶም ብዙሓት እምብዛ ይዕዝዝ እዩ ። ፲፮ ፡ እቲ ውህበት ከኣ ብመጠን እቲ ሓጢኣት ዝገበረ ሓደ ሰብኣይ ኣይኰነን ። ፍርዲ ኻብ ሓደ ንኹነኔ መጸ ፡ እቲ ውህበት ጸጋ ግና ካብ ብዙሕ ኣበሳ ንምጽዳቕ መጸ ። ፲፯ ፡ ሞት ብኣበሳ እቲ ሓደ በቲ ሓደ ኻብ ገዝኤ ፡ እቶም ትርፊ ጸጋን ውህበት ጽድቅን እተቐበሉ ኸኣ በቲ ሓደ የሱስ ክርስቶስ ኣብ ህይወት ኣዝዩ ብዙሕ ኪገዝኡ እዮም ።

እቲ፡ ዝነበረን፡ ዘሎን፡ ዝመጽእን፡ ዝሰኣም፡ ዘየለ፡ ፍጻሜ፡ ዘይምርመር፡ ኣምላኽ፡ ገና፡ ክርስቶስ፡ ብስጋ፡ ከይተጋህደ፡ ቅድሚ፡ ወደ፡ ከፍ፡ ገና፡ እግዚኣብሄር፡ ኣቦ፡ ብሥጋ፡ ከይተገልጸ፡ ቅድሚ፡ (1ይ ጢሞቴዎስ 3:16) ንኣዳም፡ ብምስሊ፡ እቲ፡ ዝመጽእ፡ ክርስቶስ፡ ኣምዚሉ፡ ጠዊ፡ ካብ፡ ቃል፡ ኣምላኽ፡ ንማህር፡ ኣሎና፡፡

ኣምበ፡ ካብ፡ መልእኽቲ፡ ጳውሎስ፡ ናብ፡ ሰብ፡ ኤፌሶን፡ ምዕራፍ፡ ሓደ፡ ቁጽሪ፡ 4 ዝተጻሕፈ፡ ቅድሚ፡ ብቐጻሊ፡ ካብ፡ ቅዱሳን፡ ቅዱሳንን፡ መንቀሊ፡ ዘይነቐፍናን፡ ምእንቲ፡ ክንከውን፡ ቅድሚ፡ ምስረታ፡ ዓለም፡ ብኣኡ፡ ሓረየና፡ ይብል፡፡

ዓለም፡ ቅድሚ፡ ምምስራት፡ ብክርስቶስ፡ ክንተሓረና፡ ክርስቶስ፡ ናይ፡ ኣምላኽ፡ መልክዕ፡ ካብ፡ ኮነ፡ ገዚ፡ ዘይተበሰበሰ፡ ናይ፡ ክርስቶስ፡ ሥጋ፡ ክንከብሮ፡ ይግባእና፡ እዩ፡፡ እዚ፡ ግዲ፡ ክንተረድኦ፡ ሕዝብና፡ ሰፊና፡ ካልእ፡ ድርና፡ ኪና፡ ንክርስቶስ፡ እንከብሮ፡ እዩ?

መልእኽቲ፡ ጳውሎስ፡ ናብ፡ ሰብ፡ ሮሜ፡ 13

፲፩ ፡ ምድሓን ካብቲ ዝኣመንናሉ ጊዜስ ሕጂ
ኣዝዩ ናብና ቐሪቡ ኣሎ እሞ፣ ሕጂ ኻብ ድቃስ እት
በራበሩሉ ጊዜ ኸም ዝበጽሔ፣ ነዚ ዘመን ፍለ
ጥዋ ። ፲፪ - ለይቲ ሐሊፋ፣ መዓልቲ ቐሪባ እያ
እሞ ፣ ግብረ ጸልማት ካብና ደርቢናስ ፣ ኣጽዋር
ብርሃን ንልበስ። ፲፫ ፡ ከም ብመዓልቲ ብቕንዕና ን
መላለስ ፣ ብጓይላን መስተን ኣይኹንን ፣ ብምንዝ
ርናን ዕብዳንን ኣይኹንን፣ ብባእስን ቅንኣትን ኣይ
ኹንን ። ፲፬ - ንጐይታና የሱስ ክርስቶስ ደኣ ል
በስዎ እምበር ፣ ነቲ ሓልዮት ስጋስ መለዓዐል
ትምኒት ኣይትግበርዎ ።

እምበኣርከስ፡ ንጐይታና፡ ኢየሱስ፡ ክርስቶስ፡
ክንለብሶ፡ እንኽእል፡ ብቲ፡ ኣብ፡ ዝጸንዐ፡ ዘሎ፡
ናይ፡ እምነትና፡ ቃል፡ መሠረት፡ እዩ፡፡

መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ሰብ ገላትያ ፫

፳፯ - ብክርስቶስ እተጠመቕኩም ዘበልኩም ን
ክርስቶስ ለቢስኩምዎ እሞ፣ ብእምነት ብየሱስ
ክርስቶስ ኵላትኩም ውሉድ ኣምላኽ ኢኹም ።
፳፰ - ኵላትኩም ብክርስቶስ የሱስ ሓደ ኢኹም
እሞ፣ በዚ ኣይሁዳዊ ወይስ ጽርኣዊ የልቦን፣ በዚ
ባርያ ወይስ ጐይቶ የልቦን፣ በዚ ተባዕታይ ወይስ
ኣንስተይቲ የልቦን ። ፳፱ - ናይ ክርስቶስ ካብ
ኰንኩም ፣ ደጊም ዘርኢ ኣብርሃም ኢኹም ፣ ከምቲ
ተስፋውን ወረስቲ ኢኹም ።

ሓቂ፡ ብምጥማቕ፡ ንክርስቶስ፡ እንተለበስና፡
ከረስናዮ፡ ክርስቶስ፡ ንክርስትያን፡ ዝሃበና፡
ክርስቶሳውያን፡ ንዝሃበና፡ ንዕኡ፡ ንዝኣመንና፡
ክውሕደና፡ ክመጽእ፡ ከሎ፡ ከምቲ፡ ኣብ
ፊልጲ፡ ምዕራፍ፡ 3 ቁፅሪ፡ 21 ተገሊፁ፡ ዘሎ፡
ክቡር፡ ሥጋኡ፡ ምእንቲ፡ ክመስል፡ ናይ፡
ውርደት፡ ሥጋና፡ ክለውጦ፡ እዩ፡ ዝመጽእ!

፲፭ - እምብአርሲ ፍጹማት ዘበልና ኵልና እዚ ንሕሰብ ብገለ ነገር ሓሳብኩም ንበይኑ እንተ ኾይኑ ድማ ፡ ንእኡውን ኣምላኽ ኪገልጸልኩም እዩ ። ፲፮ - እዚ ጥራይ ፡ በቲ ዝበጻሕናዮ መጠን ብሓደ መገዲ ንመላለስ ።

፲፯ - ኣሕዋተየ ፡ ንኣይ ምሰሉ ፡ ከምቲ ንሕና ኣርኣያ ዝኾንናኩም ፡ ኣብቶም ከምኡ ኢሎም ዚመላለሱ ኣስተብህሉ ። ፲፰ - ከምቲ ብዛዕባኦም ብዙሕ ሳዕ ዝበልኩኹም ፡ ሕጂውን እናበኼኹ እብል ኣሎኹ ፡ ብዙሓትሲ ጸላእቲ መስቀል ክርስ ቶስ ኰይኖም ይመላለሱ እዮም ። ፲፱ - መወዳእ ታኦም ጥፍኣት እዩ ፡ ኣምላኽም ከብዶም እዩ ፡ ክብረቶምውን ኣብ ነውሮም እዩ ፡ ሓሳቦም ከኣ ናይ ምድሪ እዩ ። ፳ - ንሕና ግና ሃገርና ኣብ ሰ ማያት እያ ፡ ካብኣውን መድሓኒ ፡ ንሱ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ፡ ንጽበ ኣሎና ። ፳፩ - ንሱ በቲ ንዅሉ ኺመልከሉ ዚከኣሎ ሓይሊ ነቲ ኽቡር ስጋኡ ምእንቲ ኺመስል ፡ ነዚ ናይ ውርደት ስጋ ና ኺልውጦ እዩ ።

[illegible]

ሮሜ: 6:1-5

[illegible]

እምብኣርሲ፡ ከምቲ፡ ክርስቶስ፡ ብኽብሪ፡ ኣቦኡ፡ ካብ፡ ምውታት፡ ዝተንስኤ፡ ከምኡ፡ ከኣ፡ ንሕና፡ ብሓድሽ፡ ህይወት፡ ምእንቲ፡ ክንመላለስ፡ ናብ፡ ሞት፡ ብምጥማቕ፡ ምስኡ፡ ተቐቢርና፡፡ ሞትና፡ ንሞት፡ መሲሉ፡ ሕብረት፡ እንተ፡ ኮይንና፡ ከምኡ፡ ከኣ፡ ብትንሳኤኡ፡ ክንሓብሮ፡ ኢና፡፡"

እምብኣርሲ፡ ንሕና፡ ንኃጢኣት፡ ብንምውት፡ ዝሞትና፡ ከምቲ፡ ክርስቶስ፡ ኣብ፡ ውሽጢ፡ መቓብር፡ ዝተቐበረ፡ ንሕና፡ ኣብ፡ ውሽጢ፡ መሬት፡ ኣቢና፡ ኣብ፡ ውሽጢ፡ ማይ፡ ኣቲና፡ ንጥምቀት፡ ማሕተም፡ እዩ፡፡ ንዓማፅ፡ ኃጢኣትና፡ ካብ፡ የንጽሃና፡፡

ግብረ ሃዋርያት ፪ ።

፴፮ - እምብኣርሲ ኣምላኽ ነዚ ንስኻትኩም ዝሰቐልኩምዎ የሱስ፡ ንእኡ ጐይታን ክርስቶስን ከም ዝገበሮ፡ ብዘላ ቤት እስራኤል ብርግጽ ትፍለጥ ።

፴፯ - ሽዑ፡ እዚ ምስ ሰምዑ፡ ልቦም ተወግኤ እሞ፡ ንጴጥሮስን ነቶም ካልኦት ሃዋርያትን፤ ኣቱም ኣሕዋትና፡ እንታይ ንግበር፤ በልዎም። ፴፰፡ ፴፱ - ጴጥሮስ ከኣ፤ እቲ ተስፋ ንኣኻትኩምን ንደቅኹምን ነቶም ኣብ ርሑቕ ዘለዉ ኹሎም፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽና ዚጽውዖም ዘበሉን እዩ እተዋህበ እሞ፡ ተነስሑ ነፍሲ ወከፍኩም ከኣ ብስም የሱስ ክርስቶስ ንሕድገት ሓጢኣት ይጥመቕ፡ ህያብ መንፈስ ቅዱስውን ክትቅበሉ ኢኹም፤ በሎም። ፵ - ካብዚ ቑናን ወለዶ ዚ ድሓኑ፡ እናበለ ኸኣ ብዙሕ ካልእ ቃል መስከረሎምን መዓዶምን።

፵፩ - እቶም ሽዑ ዘረብኡ ባህ ኢልዎም እተቐበሉ ተጠመቑ፡፡ በቲ፡ መዓልቲ፡ እቲኣ፡ ኣስታት፡ ሰለስተ፡ ሽሕ፡ ነፍሳት፡ ናብታ፡ ማሕበር፡ ተወሰኹ፡፡

እምብኣርሲ፡ ከምቲ፡ ትእዛዝ፡ ቃል፡ ንጥምቀት፡ ነፍሲ ወከፍ፡ ብስም፡ የሱስ፡ ክርስቶስ፡ ንሕድገት፡ ሓጢኣት፡ ክንጥመቕ፡ ግቡእ፡ እዩ፡፡

ንገዘዓምንገው፡ እዚ፡ ካሉ፡ ሰገ፡ ገወዲታና፡
ኢየሱስ፡ ክርስቶስ፡ ንገ፡ ወንጀል፡ ማቴዎስ፡
ምዕራፍ፡ 28፥ 19።

ገሰም፡ እገን፡ ወዱን፡ መንፈስ፡ ቅዱስን፡ አንምቋ፡ ኢሉ፡ ቆንርስ፡ ግና፡ ገሰም፡ የሱስ፡ ተጠመቁ፡ ኢሉ፡ ንየናት፡ እዩ፡ ካቂ፡ ክገል፡ ቶክ፡ ዥል፡ ቶካወን።

መሰለ፡ ግን፡ ክልቲኡ፡ ቃል፡ ንምክክ፡ እዩ፡ ናቶ፡ ኢየሱስ፡ ቃሉን፡ ናዩ፡ ቆንርስ፡ ቃሉን፡ ዘገኘል፡ የክን፡ ወፀሐፉ፡ ቅዱስ፡ ናቲ፡ እጋዚአገሐር፡ ቃል፡ እዩ። ክልቲኡ፡ ንቒሪ፡ ክቶጋመን።

ሰማይ፡ እናፀቀዕሕም፡ ክዩሰክን፡ ገነየን፡ ቁፀሪ፡ ሰም፡ እናፀቀዕሕም፡ እዩ፡ ዘገል፡ ናቶቲ፡ ሰቦ፡ እዩቶ፡ ሰማቶን፡ ምሩርን፡ ዘረጠረ ገሥጋ፡ ተገጸፀ፡ ንማትእል፡ ካዩት፡ ካሪሾና፡ ዘወፀክን፡ መንፈሱ፡ እናሃገ፡ ዘተሰረቂና፡ ዘክው፡ ዘቶካቀፈል፡ ካዩ፡ ንምክክ፡ ሰም፡ ኢየሱስ፡ ሰክዘክነ፡ ቆንርስ፡ ገሰም፡ የሱስ፡ ተጠመቁ፡ ኢሉ፡ እዘዘዎም፡ ገወቀታና፡ ኢየሱስ፡ ካናዲ፡ ገተወገኑ፡ ንገ፡ ወንጀል፡ ሉቃስ፡ 24፥ 46 ~~47~~ ካምዘዩ፡ ዩገል፡

"ክርስቶስ፡ ካገረ፡ መከሩ፡ ክፀዓገ፡ ገሰለበዙረ፡ መኅለተው፡ ካገ፡ ምሙታት፡ ክቶንሳኣ፡

ገሰሙ (ኢየሱስ) ክኒ፡ ንሰሓን፡ ሕድገት፡ ካጢእትን፡ ካገ፡ የተገኩም፡ ዶሚኔ፡ ካገ፡ ካትክም፡ ንሽሃገ፡ ክሰገሽ፡ ፀሐፈ፡ እዩ። ገክም፡

ገዘ፡ መሠረት፡ እዩ፡ ቆንርስ፡ ተነሰሀ፡ ነፋሪ፡ ወክፈ፡ ካኽ፡ ገሰም፡ የሱስ፡ ክርስቶስ፡ ንሕደገት፡ ካጢኣት፡ ቶጠመቅ፡ ዘገኩ።

፮ - ንጽብሒቱ ድማ ኾነ፡ መኳንንቶምን ዓ
በይቶምን ጸሓፍቶምን ምስኦም ድማ ሃና ሊቀ
ኻህናትን ቀያፋን ዮሃንስን እስክንድሮስን ካብ ዓ
ሌት ሊቃውንቲ ኻህናት ዘበሉ ዅሎምን ኣብ
የሩሳሌም ተኣከቡ። ፯ - ኣብ ማእከል ደው ኣቢ
ሎም ድማ፤ በየናይ ሓይሊ ወይስ በየናይ ስም
ኢኹም ነዚ ዝገበርኩምዎ፤ ኢሎም ሐተትዎም።
፰ - ሽው ጴጥሮስ መንፈስ ቅዱስ መልአ እሞ
በሎም፤ ኣቱም መኳንንቲ ህዝብን ዓበይትን፡ ፱ -
ሎሚ ንሕና ንሓደ ሕሙም ሰብኣይ ብዝኾነ ጽ
ቡቕ ግብሪ ንሱውን ብዝሐወየሉ ኻብ እንምር
መር፡ ፲ - ብስም እቲ ንስኻትኩም ዝሰቐልኩ
ምዎ እሞ ኣምላኽ ካብ ምዉታት ዘተንስኦ የ
ሱስ ክርስቶስ ናዝሬታዊ፡ ብእኡ እዚ ኣብ ቅድሚ
ኹም ጥዑይ ደው ኢሉ ኸም ዘሎ፡ ኣብ ኵላት
ኩምን ኣብ ኵሉ ህዝቢ እስራኤልን ይፈለጥ።
፲፩ - እቲ ንስኻትኩም ነደቕቲ ዝነዐቕኩምዎ እሞ
ርእሲ መኣዝን ዝኾነ እምኒ፡ ንሱ እዩ። ፲፪ -
ብእኡ ኽንድሕን ዚግባእ ካልእ ስም ኣብ ትሕቲ
ሰማይ ንሰብ ኣይተዋህበን እሞ፡ ምድሓን ብሓደ
ኻልእ ከቶ የልበን።

እምበኣርሲ ብኣኡ፡ ክንድሕን፡ ዚግባእ፡
ኣብ፡ ትሕቲ፡ ሰማይ፡ ንሰብ፡ ካልእ፡ ስም፡
እንተተዋህበ፡ ካብ፡ ተኣዛዚ፡ ቃል፡ ጎይታና፡
ስም፡ የሱስ፡ ክርስቶስ፡ ክንጸንሕ፡ ይግባእ፡
እዩ፡ ናይ፡ ጎይታ፡ ስም፡ ዝጸውዕ፡ ይድሕን፡
~~[illegible]~~ ዝብል፡ ፅሑፍ፡ እዩ፡ ዘሎ።

ቈሎሴ 3፡17

«ብቓል፡ ኮነ፡ ወይስ፡ ብግብሪ፡ እትገብርዎ፡
ዘበለ፡ ኩሉ፡ ብስም፡ ጎይታና፡ የሱስ፡ ግበርዎ፡
ብእኡ፡ ኸኣ፡ ንኣምላኽ ኣቦ፡ ኣመስግንዎ።»
ዝብል፡ ፅሑፍ፡ ስለዘሎና፡ ኩሉ፡ ነገር፡ ሰማይ፡
ወምድር፡ ንገበርኩዎ፡ ኩሉ፡ ዝገብሮ፡ ስም፡ ጎይታና፡
የሱስ፡ ክርስቶስ፡ ንክብርን፡ ምስጋናን፡ ክንጸንሕ፡
ግቡእ፡ እዩ።

## መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ሰብ ፊልጲ ፡ ፪ ።

፭ - እቲ ኣብ ክርስቶስ የሱስ ዝነበረ ሓሳብ ኣ
ብኻትኩምውን ይሃሉኹም ። ፮ - ንሱ ብመልክዕ
ኣምላኽ ክነሱ ፣ ነቲ ማዕረ ኣምላኽ ምዃኑ ኽም
ምምንዛዕ ኣይረኣዮን ። ፯ - መልክዕ ባርያ ወሲዱ
ርእሱ ኣሕሰረ ፣ ሰብውን መሰለ ፣ ብንብረቱ ኸም
ሰብ ኰይኑ ተረኽበ ። ፰ - ርእሱ ኸሳዕ ሞት ኣት
ሐተ ፣ ክሳዕ ሞት ኣብ መስቀል እኳ ደኣ ተኣዘ
ዘ ። ፱ — ፲፩ - ስለዚ ኸኣ ኣብ ሰማያትን ኣብ
ምድርን ኣብ ትሕቲ ምድርን ዘሎ ኹሉ ብርኪ
ብስም የሱስ ምእንቲ ኺምብርከኽ ፣ ልሳን ዘበለ
ውን ንኽብሪ እግዚኣብሄር ኣቦ ኢሉ የሱስ ክርስ
ቶስ ጐይታ ምዃኑ ኺእመን እዩ ኣምላኽ ናብ
ልዕሊ ኹሉ ልዕል ዘበለ ፣ ካብ ኵሉ ስም ልዕል
ዝበለ ስምውን ዝሃቦ ።

ካብ፡ ኩሉ፡ ስም፡ ልዕል፡ ዝበለ፡ ስም፡
የሱስ፡ ዝብሃል፡ ስም፡ ኢዩ፡- ንኩሉ፡ ሰብ፡
ኣኺ፡ ነዚ፡ የሱስ፡ ዝብሃል፡ ስም፡ [illegible]
[illegible]::

## ግብረ ሃዋርያት ፲ ።

፵፪ - ኣምላኽውን
ንህያዋንን ምዉታትን ፈራዲ ኪኸውን ዝመደቦ ፣
ንሱ ምዃኑ ንህዝቢ ኽንሰብኽን ክንምስክርን ኣዘ
ዘና ። ፵፫ - ብእኡ ዚኣምን ዘበለ ብስሙ ሕድገት
ሓጢኣት ከም ዚረክብ ፣ ኵሎም ነብያት ይምስ
ክሩሉ ኣለዉ ።

፵፬ - ጴጥሮስ ገና እዚ ቓልዚ ኺዛረብ ከሎ ፣
ኣብቶም ነቲ ቓል ዝሰምዕዎ ኹላቶም መንፈስ
ቅዱስ ወረደ ። ፵፭ ፣ ፵፮ - እቶም ካብ ወገን ግዝ
ረት ዝኾኑ ፣ ምስ ጴጥሮስ ዝመጹ ኣመንቲ ብ
ቛንቋታት ኪዛረቡን ንኣምላኽ ኬመስግኑን ሰም
ዕዎም እሞ ፣ ኣብ ኣህዛብ ድማ ህያብ መንፈስ
ቅዱስ ስለ ዝፈሰሰ ተገረሙ ። ፵፯ - ሽዑ ጴጥሮስ!
እዚኣቶም ከማና መንፈስ ቅዱስ ካብ ተቐበሉስ ፣
ከይጥመቑ ማይ ኪኽልክሎም ዚኽእል ደኣ መን
እዩ ፣ ኢሉ መለሰ ። ፵፰ - ብስም የሱስ ክርስ
ቶስ ኪጥመቑ ኸኣ ኣዘዘ ።

ብእየናይ፡ ጥምቀት፡ ደኣ፡ ተጠመቕኩም???

## ግብረ ሃዋርያት

### መበል ፲፱ ምዕራፍ ።

፩ - ኰነ ድማ ፣ አጵሎስ ኣብ ቈረንቶስ ከሎ፣ ጳውሎስ፣ በቲ ላዕላይ ሃገር ሐሊፉ ናብ ኤፌሶን መጸ፣ ሓያሎ ደቀ መዛሙርቲ ድማ ረኸበ እሞ፤ ፪ - ምስ ኣመንኩምሲ፣ መንፈስ ቅዱስዶ ተቐቢልኩም፤ በሎም ። ንሳቶም ከኣ፤ ኣይፋልናን ፣ መንፈስ ቅዱስ ከም ዘሎ እኳ ኣይሰማዕናን፣ ኢሎም መለሱሉ ። ፫ - ንሱ ኸኣ፤ ብኣየናይ ጥምቀት ደኣ ተጠመቕኩም፤ በሎም ። ንሳቶምውን፤ ብናይ ዮሃንስ ጥምቀት፣ በልዎ ። ፬ - ሽዑ ጳውሎስ፤ ዮሃንስሲ በቲ ድሕሪኡ ዚመጽእ፣ ማለት ብየሱስ ክርስቶስ፣ ኪኣምኑ፣ ነቶም ህዝቢ እናነገረ ጥምቀት ንስሓ እዩ ዘጥመቐ፣ በሎም። ፭ - እዚ ምስ ሰምዑ፣ ብስም ጐይታና የሱስ ተጠምቁ ። ፮ - ጳውሎስ ኢዱ ምስ ኣንበረሎም ከኣ፣ መንፈስ ቅዱስ ናባታቶም ወረደ ። ሽዑ ብቛንቋታት ተዛረቡን ተነበዩን ። ፯ - እቶም ሰባት ከኣ ኵላቶም ኣስታት ዓሰርተው ክልተ ዚኣኽሉ ነበሩ ።

የሱስ፡ ዝገበረ፡ ጥምቀ፡ ናይ፡ ኣብን፡ ወልድን፡ መንፈስን፡ ጥም፡ እዩ።። እንተ፡ መፅሐፍ፡ ቅዱስ፡ ጥም፡ የሱስ፡ [illegible]ናዐወዐ፡ ደኣ፡ እዛገር፡ ኣቦ፡ ወልዲ፡ መንፈስ ቅዱ ስ፡ እናተገሀለ፡ ዝተጠመቐ፡ ሰብ፡ የለን፡

ናይ፡ ኣቦ፡ ጥምቀት፡ የሱስ፡ እዩ

ማቴዎስ፡ 1÷20-23።። ዮሐንስ፡ 5÷43።።
ዮሐንስ፡ 14÷8-11።። ዮሐንስ፡ 17÷6፡ 12፡26.
ራእይ፡ 3÷12።። [illegible] 3:17

ናይ፡ ወልዲ፡ ጥምቀት፡ የሱስ፡ እዩ

ማቴዎስ፡ 1፡21።። ዮሐንስ፡ 1÷12።። ፊልጲ፡ 2÷9-11።።

ናይ፡ መንፈስ፡ ቅዱስ፡ ጥምቀት፡ ኢየሱስ፡ እዩ

ማቴ፡ 1÷20-23።። 2ይ፡ ቆረንቶስ፡ 3÷17-18

[illegible] 5:4

ሓደ፡ እኳ፡ ከይመሀረኒ፡ ከመይ፡ ኢሉ፡ ይኽእለይ፡

<u>ግብረ ሃዋርያት ፰</u>

፳፮ - መልአኽ እግዚአብሄር ግና ንፊልጶስ፣ ተንስእ እሞ በታ ካብ የሩሳሌም ንጋዛ እተውርድ መገዲ ናብ ደቡብ ኣቢልካ ኺድ፡ ንሳ ኸኣ በዲማ እያ፡ ኢሉ ተዛረቦ። ፳፯ - ተንሲኡ ኸኣ ከደ። እንሆ ድማ፡ ኢትዮጵያዊ ስሉብ ሰብኣይ ኣብ ህንደኬ ንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ስልጡን ኣዛዚ ኩሉ ገንዘባ ዝነበረ፡ ኪሰግድ ናብ የሩሳሌም መጺኡ ነበረ። ፳፰ - ኪምለስ ከሎ ኸኣ፡ ኣብ ሰረገላኡ ተቐሚጡ ትንቢት ኢሳይያስ የንብብ ነበረ። ፳፱ - መንፈስ ከኣ ንፊልጶስ፣ ሕለፍ፡ ናብዛ ሰረገላ ቅረብ፡ በሎ። ፴ - ፊልጶስ ናብኡ ምስ ጎየየ፡ ነብዩ ኢሳይያስ ኬንብብ ሰምዖ እሞ፣ እዚ እተንብቦ ተስተውዕሎዶ ኣሎኻ፣ በሎ። ፴፩ - ንሱ ኸኣ፣ ሓደ እኳ ኸይመሀረኒ፡ ከመይ ኢሉ ይኽእለይ፣ በለ። ንፊልጶስ ከኣ ደዪቡ ምስኡ ኪቕመጥ ለመኖ። ፴፪ - እቲ ዜንብቦ ዝነበረ ኽፍሊ ጽሑፍ ከኣ እዚ እዩ፣ ከም በጊዕ ናብ ማሕረዲ ተሳሕበ፡ ኣብ ኢድ ቆራጺኡ ስቕ ከም ዚብል ገንሸል ከኣ፡ ከምኡ ኣፉ ኣይከፈተን። ፴፫ - ብምውራዱ ፍርዱ ተሳዕረ፡ ህይወቱ ካብ ምድሪ ተመንቀሰ እያ እሞ፡ ንወለዶኡ መን ኬዘንትዎ ይኽእል፣ ፴፬ - እቲ ስሉብ ከኣ ንፊልጶስ፣ እቲ ነብዩ ብዛዕባ መን እዩ እዚ ዚብል ዘሎ፣ ብዛዕባ ርእሱዶ ወይስ ብዛዕባ ኻልእ እዩ ዚብሎ ዘሎ፣ እስኪ ንገረኒ፡ እልምነካ ኣሎኹ፡ ኢሉ መለሰሉ። ፴፭ - ፊልጶስ ከኣ ኣፉ ከፊቱ፡ ካብዚ ጽሕፈት እዚ ጀሚሩ ድማ ብዛዕባ የሱስ ወንጌል ሰበኸሉ። ፴፮ - መገዲ ኪኸዱ ኸለዉ ድማ፡ ናብ ማይ በጽሑ። እቲ ስሉብ ከኣ፣ እንሆ ማይ፡ ከይጥመቕ እንታይ ይኸልክለኒ፣ በለ። ፴፯ - ፊልጶስ ከኣ፣ <u>ብኹሉ ልብኻ እንተ ኣሚንካስ</u>፡ ይኾነልካ እዩ፡ በሎ። ንሱ ኸኣ፣ <u>የሱስ ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽ ምዃኑ እኣምን ኣሎኹ፡ ኢሉ መለሰሉ</u>። ፴፰ - ነታ ሰረገላ ደው ኬብልዋ ኸኣ ኣዘዘ፡ ፊልጶስን እቲ ስሉብን ክልቲኣቶም <u>ናብቲ ማይ ወረዱ፡ ኣጥመቖ</u>። ፴፱ - ካብ ማይ ምስ ወጹ ኸኣ፡ <u>መንፈስ እግዚአብሄር ንፊልጶስ መንጠሎ</u>። እቲ ስሉብ ድማ <u>ብሀ ኢልዎ መገዱ ኸደ</u> እምበር፡ መሊሱ ኣይረኣዮን። ፵ - ፊልጶስ ድማ ኣብ ኣዛጦን ተረኽበ፣ ናብ ቂሳርያ ኽሳዕ ዚመጽእ ከኣ፡ ናብ ኩሉ ኸተማታት እናዞረ ወንጌል ይሰብኽ ነበረ።

ንስ፡ መፅሓፍ፡ ቅዱስ፡ ብወንጌል፡ ከይእመነ፡
ብቑልዕ፡ ዝተጠመቐ፡ ሰብ፡ የለን፡፡ ንስ፡
ወንጌል፡ ማርቆስ፡ 16፥16፡
"ብኸምኡ፡ ድማ፡ ናብ፡ ኩሉ፡ ዓለም፡ ኪዱ፡ ንብዙሖ፡
ፍጥረት፡ ካኣ፡ <u>ወንጌል፡ ስበኹ፡</u> <u>ዝኣመነን፡ ዝተጠመቐን፡</u>
ኪድሕን፡ እዩ፡ ዘይኣመነ፡ ግና፡ ኪኹነን፡ እዩ፡፡" ዝብል፡ ፅሑፍ፡ ኣሎ፡

## መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ሰብ ቈሎሴ

### ፫ይ ምዕራፍ ።

፩ - ደጊም ምስ ክርስቶስ ተንሲእኩም እንተ ኾንኩምሲ፣ ነቲ ክርስቶስ ኣብ የማን ኣምላኽ ተቐሚጥዎ ዘሎ፣ ነቲ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ድለዩ ። ፪፣ ፫ - መዊትኩም ኢኹም፣ እታ ህይወትኩም ድማ ምስ ክርስቶስ ኣብ ኣምላኽ ተሰዊራ ኣላ እሞ፣ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ሕሰቡ፣ ኣብ ምድሪ ዘሎ ኣይኰነን ። ፬ - ክርስቶስ ህይወትና ምስ ዝግለጽ ኪኸው ንስኻትኩምውን ምስኡ ብኽብሪ ኽትግለጹ ኢኹም ።

፭ - ስለዚ ነቲ ኣብ ምድሪ ዘሎ ኣካላትኩም ቕተሉ ፣ ምንዝር ፣ ርኽሰት ፣ ፍትወት ስጋ ፣ ክፉእ ትምኒት ፣ ስስዔ ፣ እዚ ድማ ኣምልኾ ጣኦት እዩ ፣ ፮ - ብሰሪ እዚ ነገርዚ እቲ ቝጥዓ ኣምላኽ ኣብ ቶም ደቂ ዘይምእዛዝ ይወርድ እዩ ። ፯ - ንስኻትኩምውን ፣ ኣብኡ ኽትነብሩ ኸሎኹም ፣ ቀደም ብእኡ ትመላለሱ ኔርኩም ። ፰ - ሕጂ ግና ንስኻትኩም እዚ ኹሉ ድማ ፣ ቍጥዓ ፣ ምንጽርጻር ፣ ክፍኣት ፣ ጸርፊ ፣ ዜሕፍር ዘረባውን ካብ ኣፍኩም ኣርሕቑ ። ፱ ፣ ፲ - ንስኻትኩም ፣ ነቲ ኣረጊት ሰብ ምስ ግብሩ ቐንጢጥኩም ፣ ከምቲ ምስሊ እቲ ዝፈጠሮ ጌርኩም ፣ ነቲ ንፍልጠት ዚሕደስ ሓድሽ ሰብ ዝለበስኩም ፣ ንሓድሕድኩም ኣይትተሓሳሰዉ ። ፲፩ - ክርስቶስ ኵሉን ኣብ ኵሉን እዩ እምበር ፣ ኣብኡ ስ ጽርኣውን ኣይሁዳውን ፣ ግዝረትን ዘይግዝረትን ፣ ባርባርን ስኪትን ፣ ባርያን ጭዋን የልብን ።

ግብ. ሐዋርያ 22፥16

23